ኢንተርፕራይዝ መፅናዕቲ ዲዛይንን ቁፅፅርን ስራሕቲ ማይ ትግራይ ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቕሑት ብፕሮፎርማ አወዳዲሩ ከዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰንበት ሕዳር 29, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 1, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 1, 2017 4:35 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

ምልክታ ፕሮፎርማ

ኢንተርፕራይዝ መፅናዕቲ ዲዛይንን ቁፅፅርን ስራሕቲ ማይ ትግራይ ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቕሑት ብፕሮፎርማ አወዳዲሩ ከዕድግ ስለ ዝደለየ ካብዚ ቐፂሉ ዘሎ መስፈርቲ እተማልኡ ተወዳደርቲ ትካል ዘዳለዎ ሰነድ ጨረታ ብምውሳድ ንክትወዳደሩ ንዕድም::

1. ብዘርፉ ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ ክተቕርቡ እትኽእሉ።

2. ናይ መቕረባይነት ምዝገባ ሰርትፊኬትን IN ቁፅሪ ዝሓዘ ኮፒ ክተቕርቡ እትኽእሉ።

3. ቫት ተመዝጊብቲ እንተኾንኩም ናይ ቫት ሰርትፊኬት ኮፒን ዘቕርብዎ መወዳደሪ ዋጋ ቫት ዝሓወሰን ክኸውን ኣለዎ።

4. እዚ ፕሮፎርማ ከም ውዕሊ ኾይኑ የገልግል።

5. ዝተኣዘዘ ንብረት አሸናፊ ኾይኖም እንትርከቡ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ የረክቡ።

6. ፕሮፎርማ አብ አየር ዝፀንሓሉ ጊዜ ካብ 28/03/2017 ክሳብ 01/04/2017 ዓ/ም ስዓት 4፡30 ናይ ንጉሆ ይኸውን።

7. ትካልና ካልእ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

➢ ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ/ቹ 0344418556 ወይም 0914-742142 ምርካብ ይከኣል እዩ።

ተ/ቁ	ዓይነት ንብረት	መፍለይ ቁፅሪ	መዕቀኒ	በዝሒ	ነዋጋ ብር	ሳ	ጠ/ዋጋ ብር	ሳ	ሞዴል
1	Clutch Disc	1136000161	pcs	1					
2	Clutch Pressure Plate	113600160	pcs	1					
3	Clutch Release Bearing	3160122001	pcs	1					

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle